ምንባር ኣብ ጀርመን ማለት፦ ማዕርነት ኣብ መንጎ ደቂ-ተባዕትዮን ደቀንስትዮን።

ጀርመን ሃገር ናጽነታትን መሰላትን እያ። ኣብ ህይወት ስራሕ፡ ሓዳር ኰነ ኣብ ሓላፍነት ስድራቤት፡ እዚ ንደቂ-ተባዕትዮን ንደቀንስትዮን ይምልከት።

ማዕርነት ኣብ መንጎ ደቂ-ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ኣዝዩ ኣገዳሲ ብምዃኑ፡ ኣብ ዓንቀጽ 3 ናይቲ መሰረታዊ ሕግና፡ ቅዋም ጀርመን፡ ሰፊሩ ይርከብ። እዚ ማዕርነት ኣብ ጸጽባሕ ከም ዚኽበር መንግስቲ የረጋግጽ።
ኣብ ጀርመን፡ ደቀንስትዮ፡ ልክዕ ከም ደቂ-ተባዕትዮ መሰል ንኪመሃራ፡ ሞያ ንኺቐስማን ንኪሰርሓን ኣለወን። ስለዚ እዩ ኸኣ ኣብ ጀርመን፡ ደቀንስትዮ ፖለቲከኛታት፡ ነጋዶ፡ ሓኻይም፡ ፕሮፈሰራት፡ ፖሊስ፡ ደያኑን ኣኽበርቲ ሕግን ልክዕ ከም ነርስታት፡ ደቀንስትዮ መምህራን፡ መራሕቲ ኣውቶቡሳትን ነጋዶን ዘለዋ።
ሓንቲ ጓለነስተይቲ ዘይተመርዓወት፡ ሓዳር ዝገበረት፡ ብኺዳንን ብዘይ ኪዳንን ውላድ ይሃልዋ ኣይሃልዋ ብዘየገድስ፦ ደቂ-ተባዕትዮ ኣፍልጦ ንዚረኽቡሉ ዘበለ መሰል ኣለዋ።

ማዕርነት ጾታ እንተላይ ኣብ ሕጊ ስድራቤትን ውርሻን ይሰርሕ። ኣብ ጀርመን፡ ደቀንስትዮ ኺምርዓዋ እንተ ሃልይወንን ምስ መን ከም ዚምርዓዋን ኺውስና ናጻ መሰለን እዩ። ኣብ ጀርመን መርዓ ቅቡል ንኪኸውን፡ ኣብ ቅድሚ ብቑዕ ሰራሕተኛ ሲቪላዊ ቤት-መዝገብ ጥራይ ኪፍጸም ኪኽእል ኣለዎ። ዘይከምቲ ጥቡቕ እቕላስያስጣዊ፡ ሃይማኖታዊ ወይ ብሕታዊ መርዓ፡ ርጡብ መርዓ ጥራይ ሓያሎ መሰላት የጐናጽፍ። ወለዲ ንናይ ሓባር ደቆም ብማዕረ ዚማቐልዎ መሰል መጕዚትነት ኣለዎም። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ወለዲ ብሓባር ኣገደስቲ ነጥብታት ኺውስኑ ኣለዎም። ዋላ'ውን ምስ ተመርዓዋ፡ ደቀንስትዮ ምስራሕ ኪቕጽላ መሰል ኣለወን። ደቀንስትዮ ብገንዘበን እንታይ ይገዝኣ ኺውስና ሓርነት ኣለወን።

ኣብ ጀርመን፡ ስግኣት ምስ ዜንጸላልዋ ወይ ምስ ብዓል-ቤታ ኾነ ምስ ስድራኣ ጸገማት ምስ ዚህልዋ፡ ናብ በበይነን ኣገልግሎታት ረድኤት ገጻ  ኽትመልስ ትኽእል። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዅነታት፡ ንኣብነት፡ እዚ ጒዳይ ናብ ፖሊስ ወይ ናብ ከም ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ደቀንስትዮ ዝኣመሰላ ዘይመንግስታውያን ትካላት ኪምራሕ ይኽእል።
እቲ ሓዳር ኣማስያኡ ኺቕጽል ምስ ዘይክእል፡ ደቀንስትዮ፡ ልክዕ ከም ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኪዳነን ኬውርዳ ይኽእላ። ኣብ ጀርመን፡ ህዝባውያን ኣብያተ-ፍርዲ ጥራይ ኬፋትሓ ስልጣን ኣለወን።

ነዞም ክብርታትን ነዚ ናጽነትን ኢና እምበኣር ኣብ ጀርመን ዋልታ እንኾኖን ኵላትና ኽነኽብሮ ዘሎናን። ምእንቲ ብናጽነትን ብውሕስነትን ንኽንነብር። ስለ ማዕርነት ኣብ መንጎ ደቂ-ተባዕትዮን ደቀንስትዮን።

